# “ትዕቢት ትወልዳ ንግብረ ኢኪት”

2ይ ክፋል

## “ቅድስት ቤተክርስትያን ውልቃዊ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባኻን ጽልዋታትካን እተተግብረላ፣ ዓውደ ቤላ-ቤሎውን፣ ዓውደ ሻራን፣ ዓውደ ፖለቲካዊ ጎስጓሳትን ዘይኮነትሲ፤ ቃለ እግዚኣብሔር እትነግረላን, ፍቕርን ሲኒትን ክዓስላ እትምዕደላን, ብጾምን ብጾለትን ምሕረት እትልምነላን, ዓውደ ምሕረት ኢያ”

## ወዳጇ ጉዕዞ ግብረ እከይ፣ ትማሊ በቲ ኩቡር ስም ኣቡነ እንጦንዮስ፣ ሎምን ክዓም ኣብ ዓውድ ፖለቲካ ጸረ ዳግማይ ቆስጠንጢኖስ፣

ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት ብሓደ ብኣነዋሪ ግብረ ስራሕን ጸለመን ካህን ነበር ገብረሚካኤል ዮሃንስ ኣዝዩ ዝተቐጠዐ ወዲ ቤተክርስትያን ተጻሒፋ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ ኣቢላ ዝተዘርግሐት ጽሕፍቲ ኣንቢበ ቐንየ። ኣርእስቲ ናይታ ጽሕፍቲ ከምዚ ዝስዕብ ትብል። ‘መስቀሉ ዝሰበረ ካህን’ እዛ ቃል እዚኣ ብመንፈሳዊ ኣገላልጻ ክብድ ዝበለት ቃል እኳ እንተ ኾነት፣ ንጸሓፊ በዛ ቃል’ዚኣ ክሰምዮ ዝደረኾ ሓደ ሓቂ ግን ኣሎ። ወተሃደር መድሃኔዓለም ክርስቶስ ንምኧን ምሒሉ መስቀል ናይ ክርስቶስ ጸይሩ ልብሰ ተክህኖ ዝለበሰ፣ ብጨካናት ኣይሁድ ኣብ ርእሲ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣክሊል እሾኽ ምስ ተደፍአ ንዘርኣዮ ትዕግስቲ ንምዝካር ኣብ ርእሱ ቆቢዕ ካህናት ዝወደየ፣ ኣጽዋር ዓለም ኣይፋል ኢሉ ውዳሴ ማርያምን ዳዊትን ክዓጥቕ ዝመረጸ፣ ወንጌላዊ ጥቕስታት ብምጥቃስ ሃዋርያዊ ትልእኾኡ ኣብ ክንዲ ዝፍጽም፣ ብናይ ዘለፋ ቃል ኣብ ዓውደ ምህረት ክምድር ስለ ዝተሰምዐ፣ ኣሓዱ ኣብ ቅዱስ, ኣሓዱ ወልድ ቅዱስ, ኣሓዱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ, ኢሉ መስዋእት ጸሎት ምእመናን ንምዕራግ ታቦት ቤተክርስትያን ኣብ ክንዲ ምዕጣን፣ ጸላም ከደኖ ተሸፊኑ፣ መጉልሕ ድምጺ ሒዙ ገዛእ ነብሱ ብምዕባይ፣ ብጹኣን ወቅዱሳን ጳጳሳትን ሊቃነ ጳጳሳትን ካህናትን ኣቦታት ኤርትራ ከነኣእሰ፣ ኩቡራት ውልቀ ሰባት ከጸልም፣ ነብስ-ሄራት ብዘይ ስክፍታ ክኸሰስ ስለ ዝተሰምዐ፣ “መስቀሉ ዝሰበረ ካህን” ዝብል ቅጽል ስም እንተተዋህቦ፣ ዝዘርኦ ኢዩ ዞዓጺደ፣ ይብል ብወገነይ።

ናብ ከርሰ ነገረይ ክምለስ !!!!!!

ዝሓለፈ እዋን ማለት ኣብ ቀዳመይቲ ክፋል፣ ነቲ ብሰነ 21/2012 ዓ. ም. ኣብ መርበብ ክትዕ ስመር ዳት ነት ተጋቢኡ፣ ኣብ ገዝኡ ኣብ ምቹእ ወንበሩ ተኾዲጩ፣ ዓገብ ኣይዘረባን ዝብሎዘይብሉ፣ መጠኑ ዝሓለፈ፣ ውጉዝን ኣነዋርን መደረ ዘቕረበ ምኽንያን ብምግባር፣ “ትዕቢት ትወልዳ ንግብረ ኢኪት”፣ ብዝብል ኣርእስቲ ንኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ኣማኒ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ክሕብር ምእንቲ፣ ነብሰይ ወኪለ፣ ካብቲ ባዕሉ ዝበሎ ኣርእስቲ ከይወጻእኩ፣ ይበቕዕ ኢዩ ዝበልክዎ መልእኽቲ መልሲ ጽሒፈ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ደሃይ ዳት ካምን፣ /DEHAI . COM/ መስከረም ዳት ነትን፣/MESKEREM . NET ዘርጊሐዮ ከምዝቐነኹ ዝዝከር ኢዩ።

ኣብዛ ካልኣይትን ንዝመጽእ ዘዳልዎ ጽሑፋትን፣ ዝምልከት ዛዕባታት፣ ነቲ ኣብ መፋርቕ ዓመት 2005 ዓ.ም. ዘጋጠመ ጸገም፣ ኣብ መንጎ ሳልሳይ ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስን፣ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራን፣ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተጠቒሞም፣ ኣብቲ እዋንቲ ዝነበሩ ኣባላት ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካን ውሑዳት ካህናት ነበር ዝወሰድዎ ኣዕናዊ ግብረ ስረሓትን፣ ዘስዓብዎ ክሳራን ክሳዕ ሰነ 21/ 2012 ዓ.ም. ብቅድመ ተኸተል ክሕብር ክፍትን ኢየ። ከተንብብዎ፣ ኣንቢብኩም ናብ ዘንብቡ ከተመሓላልፍዎ ብትሕትና እሓትት።

ቅድሚ ነዚ ዛዕባዚ ኣልዒለ ምዝራበይ ግን፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ኣጽሊሎም፣ በቲ ሽዑ ዝነበረ ንኡስ ሃገረ ስብከት ተማእኪሎም፣ ኣብ ዝነብርዎ ከተማታት ሑቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን ቆይመን ዝነበራ ኣብያተ-ክርስትያናት ብማሕድሮ ተቐጺሮም፣ ዘገልግሉ ዝነበሩ ካህናት፣ መምርሕታትን ትእዛዛትን ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ ጢሒሶም፣ ንምእመናን ካብ ስርዓተ እምነት እታ መሰረታዊት ሃዋርያዊት ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ኣንፈቱ ቀይሮም፡ ሓድነት ቤተክርስትያን ናብ ሓደጋ ዘእተዉ ካህናት፣ ብቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ዝተወግዙን ክህነቶም ዝተታሕዙን ካህናት ከምዘለዉ ክሕብር እፈቱ።

1) ኣብ ቤተክርስትያን መድሃኔ-ዓለም ኣትላንታ፣ ካህን ነበር ገብረሚካኤል ዮሃንስ
2) ኣብ ቤተክርስትያን መድሃኔ-ዓለም ዋሽንግቶን ዲሲ፣ ካህን ነበር ወልደትንሳኤ ብርሃነ
3) ኣብ ቤተክርስትያን ቅድስት ስላሴ ሲያትል፣ ካህን ነበር ተኸስተ ገብረሚካኤል

4) ኣብ ቤተክርስትያን ቅድስት ማርያም ኦክላንድ፣ ካህን ነበር ዲበኩሉ ላይነ
5) ኣብ ቤተክርስትያን ቅዱስ ገብርኤል ኒው-ዮርክ፣ ካህን ነበር ኣርኣያ ተስፋይ ኢዮም፡ [ቀንዲ ቅዳሕ ንምርኣይ ኣብዚ ጠውቑ]

እዞም ካህናት ነበር እዚኦም ብዝፈጸምዎ መንፈሳዊ ጉድለት፣ ላዕለዋይ ኣካል ቤትክርስትያን ተዋህዶ ኤርትራ፣ ካብ ጥሪ 10/ 2006 ዓ.ም. ክህነቶም ሒዙ ኣገልግለቶም ኣውጊዙ ካብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ውጹኣት ከምዝኾኑን፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፣ ኣብ ዝኾነ ቤተክርስትያን፣ ይንኣስ ይዕበ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክህቡ ስርዓት ቤተክርስትያን ከምዘየፍቅደሎም ናብ ኩሎም ማሕበረ ምእመናንን፣ ኣብያተ-ክርስትያናትን ሓቢሮም ነይሮም።

<u>*ውግዘት እንታይ ማለት'ዩ? መን የውግዝ? መን ይውገዝ? ውግዘት ንኽላዓል መን የልዕሎ? ብኸመይ?*</u>

*ውግዘት ማለት ምእመናን ይኹኑ ኣገልገልቲ ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ ስርዓት ሕጊ ወይውን እምነት ቤተክርስትያን ጉድለት ንዝፍጽሙ ብላዕለዋይ ኣካል ቤተክርስትያን ዝብየን /ዝውሰን/ መንፈሳዊ መቕጻዕቲ ኢዩ። ጳጳስ፣ ኤጲስቆጶስ, ካህን ወይ ምእመን ቤተክርስትያን ምስዝብድሉ ክልል ምምሕዳር ሃገረ ስብከት ወይ ክልል ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ፣ ብዘቕርቦ መረጋገጺ ከከም ክብደት ናይቲ ዝተፈጸመ ጉድለት ካብ ብጳጳስ ሃገረ ስብከት ወይ ብካህን ቤተክርስትያን ዝወሃብ ተግሳጽ፣ ከምኡውን ቁኖናዊ መቕጻዕቲ ክሳዕ ውግዘት ይውሰን።*

<u>*ንኣገልጋሊ ካህን ዝምልከት ውግዘት ሕጊ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ከምዚ ይብል*</u>

*ሕጊ /ቃለ ኣዋዲ/ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ዓንቀጽ 107 ንኡስ ዓንቀጽ 4 ከምዚ ይብል።*
*ናይ ካህን ጉድለት ንሃይማኖት ዝነክእ፣ ማለት ንኣምልኮተ እግዚኣብሄርን ምስጢራተ ቤተክርስትያንን፣ ነቒፉ ዘንቅፍ፣ ኪሒዱ ዜኽሕድ፣ እንተ ኾይኑ፣ እቲ ጉባኤ ብናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ፣ ደረጅኡ ሓልዩ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ይቐርብ። እቲ ዝወሃብ መቕጻዕቲ ድማ ክሳዕ ምውጋዝ ዝበጽሕ ይኸውን። ላዕለዋይ ኣካል ቤተክርስትያን ቅዱስ ፓትርያርክ ዝመርሖ ቅዱስ ሲኖዶስ ኢዩ። ዓንቀጽ 30። ኩሉ ብጳጳስ ሃገረ ስብከት ይኹን፣ ብቤትጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ፣ ብቅዱስ ሲኖዶስ ዝተበየነ ውግዘት፣ ዝተበየነሉ ኣካል ይግባይ ምስዝብል፣ ቅዱስ ሲኖዶስ ዝሃቦ ብይን ናይ መወዳእታ ይኸውን። ዓንቀጽ 112። ኣገልጋሊ ካህን ቤተክርስትያን፣ ኣብ መንፈሳዊ ኣገልግሎቱ ብሓላፍነት ተሓታቲ ክንሱ፣ ካብ ስርዓት እምነት ቤተክርስትያን ወጺኡ፣ መምርሕን ትእዛዛትን ጳጳስ ሃገረስብከት ጥሒሱ፣ ክብሪ ቤተክርስትያን ኣነኣኢሱ፣ ሓድነት ምእመናን ምስዝዘርግ፣ ንዝፈጸሞ ጉድለት ብመርትዖ ናብ ዝምልከቶ ላዕለዋይ ኣካል ቤተክርስትያን ምስተመሓላለፍ፣ ብይን መንፈሳዊ መቕጻዕቲ ይውሰነሉ። ሓደ ብመዓርገ ክህነት ቤተክርስትያን ከገልግል ዝጸንሐ ካህን ብላዕለዋይ ኣካል ቤተክርስትያን ናይ <u>ውግዘት ብይን እንተድኣተበይንሉ</u> ካብቲ ዝተበየነሉ መዓልቲ ኣትሒዙ፣ ዝኾነ ይኹን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክህብ ስርዓት ቤተክርስትያን ኣየፍቅደሉን። ዝተወግዘ ካህን ምኽንያት መውገዚኡ፣ ንሚስጢራተ ቤተክርስትያንን, ስልጣን ክህነትን, መሰረተ እምነትን, ዝምልከት ኮይኑ፣ እግባይነቱ ዝሰምዕ ኣካል ብቅዱስ ፓትርያርክ ዝምራሕ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ጥራሕ ኢዩ።*

*እዚ ካብ ኮነ ስርዓት ቤተክርስትያን፣ እዞም፣ ብጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ካብ ወርሒ ኣርባዕተ ዕለት 10/ 2006 ዓ.ም. ተውጊዞም ክህነቶም ዝተታሕዙ ካህናት፣ ካብ ኣጋጢምዎም ዘሎ ፈተነ ንኽድሕኑ ንገዛእ ነብሶም ናብ ቤተክርስትያን መጺኦም ምሕረት ክልምኑ ይኽእሉ እምበር፣ ዝህብዎ መፈሳዊ ኣገልግሎት፣ ኩሉ፣ ማለት መርዓ፣ ጥምቀት፣ ፍትሓት፣ ይኹን ወ.ዘ.ተ. በታ ቅድስት ቤተክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኤርትራ፣ ተቐባልነት የብሉን።*

## <u>*መንነት ጉጅለ ተሓድሶ /ደቂቀ እንጦንዮስ በሃልቲ/ ዝከሸሐት ዓመት 2005*</u>

እቲ ክሳብ መፋርቕ 2005 ዓ.ም. ክመርሕ ዝጸንሐ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ፣ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ነቲ ክቐውም ከሎ እግዚኣብሄር የኽእለና ኢሉ፣ መምርሕን ትእዛዛትን ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ፣ ሰኒቑ፣ ነተን ድሮ ብሓልዮት ምእመናን ተመስሪተን ዝነበራ ኣብያተ-ክርስትያናት እናተኸታተለ፣ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ሰሪዑ፣ ቅጽሪ ኣባላት ምእመናን ኣደንፊዑ፣ ሓድነት ምእመናን ዓቂቡ፣ ንዕቤት ቤተክርስትያን ኣብ-ክንዲ ዝሰርሕ፣ ኣብ ምፍልላይ ምእመናን እታ ካብ ኣቦታቱ ዝተረከባ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ዓቢ ኣበርክቶ ጌሩ። እዚ ንኡስ ሃገረ ስብከት'ዚ፣ ነቲ ብጉጅለ ተሓድሶ/መናፍቃን/ ተጠጅኡ፣ ካብ ውሽጢ ሃገር ከይወጹ ክዕወትሉ ዘይከኣሉ፣ ኣብ ደገ ወጺኦም ንኽተግብርዎ እንተዘይተሓባበር ነይሩ እዚ ሕጂ ዝርአ ዘሎ ምፍልላያት ክብጻሕ ኣይምተኻእለን ነይሩ። ጌጋ ተፈጺሙ እንተተባሂሉውን ካብ ስርዓት ቤተክርስትያን ከይተነጸልካ ክእረም ኢዩ ነይርዎ። “እዛ ቡርኪታ ኣብ ውሽጣ እምኒ ኣላታ” ከምዝበሃል ግን ነዚ ሕጂ በጺሖሞ ዘለዉ ኣዕናዊ መደባቶም ከዐውቱ ምእንቲ ስም ናይ ኩቡር ቅዱስ ኣቦና እንጦንዮስ ተጠቂሞም ቅድስት ቤተክርስትያን ይፈላልይዋን ሓድነታ ይዘርጉን ኣለዉ።

ሽዑ ዝነበረ ንኡስ ሃገረ ስብከት ዝመርሖ መንፈሳዊ ጉባኤ፣ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2004 ዓ.ም. ኣብ ቤተክርስትያን ቅድስት ስላሴ ስያትል /ዋሽንግቶን/ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብዚ መንፈሳዊ ጉባኤ'ዚ ዝተኻፈሉ ሊቃውንቲ ካህናት ኣብ ሑቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን ዘገልግሉ ዝሓተትዎ እዋናዊ ሕቶ ከምዚ ይብል ነበረ። " ከምተን ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዘለዋ ኣብያተ-ክርስትያናት፣ ብሃገረ ስብከት ደረጃ ቆይመን፣ ብጳጳስ ሃገረ ስብከት ዝምርሓ ዘለዋ፣ እዘን ኣብ ሑቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን ተመስሪተን ዘለዋ ኣብያተ-ክርስትያናት'ውን፣ መንፈሳዊ ኣገልግሎተን እናሰፍሐ፣ ማሕበረ ምእመናተን'ውን እናበዝሑ ስለዝመጹ፣ ብጳጳስ ሃገረ ስብከት ክምርሓ ምእንቲ፣ ጳጳስ ክለኣኽልና ንምሕጸን ዝብል ነይሩ።

ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ፣ ቅዱስ ኣቦና እንጦንዮስ 3ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ዝመርሕዎ ስሩዕ ጉባኤ ኣብ ወርሒ ሰነ ዕለት 07/ 2005 ዓ.ም. ተኻይዱ። ናይዚ እዋንዚ ቃለ ጉባኤ ከምዝሕብሮ፣ ኣብ ኤውሮጳን ዞባ ማእከልን ተመሳሳሊ ሕቶ ስለዝነበረ፣ ስሩዕ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ነዞም ዝስዕቡ ሃገረ ስብከታት ዝመርሑ ብጳጳስን, ኤጲስቆጶሳትን መንፈሳዊ መዓርግ ሂቦም፣ ነዞም ኣብ ታሕቲ ብዝርዝር ዝቐርቡ ብጹኣን ኣቦታት ሰመይዎም።

1) ጳጳስ ኣቡነ ሲኖዳ ሃገረ ስብከት ሑቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን
2) ኣባ ገብረእግዚእብሄር ስብሓትለኣብ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ ኤጲስቆጶስ
3) ኣባ ኤልያስ ተስፋይ ሃገረ ስብከት ዞባ ማእከል ኤጲስቆጶስ፣ ብማለት ኣቕምወን።

ብጹእ ጳጳስ ኣቡነ ሲኖዳ፣ ሃገረ ስብከት ሑቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን፣ ኮይኖም ከገልግሉ ብጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ምስተወሰነ፣ ካብ ብጹእ ወቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝተጻሕፈትሎም ደብዳቤ ከም ዘላታ ቃል ብቓላ ኣብ ታሕቲ ኣቕርባ።

ናብ
ብጹእ ኣቡነ ሺኖዳ
ሰላም እግዚኣብሔር ምሳኹም ይኹን፣

ዕለት 24/06/2006
17/10/1997
ቁጽሪ መዝ. 001/196/35

ብምቕጻል ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ኤውሮጳ ኮንኩም ከተገልግሉ ምጽናሕኩም ይዝከር።
ይኹን እምበር ቅዱስ ሲኖዶስ ንዘለኩም ተመክሮ ስራሕን ናይ ወጻኢ ልምድን ተመልኪቱ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ኣመሪካን ካናዳን ኮንኩም ከተገልግሉ ብዕለት 30 ግንቦት 1997 ዓ.ም. ግእዝ/ ሰነ 07/2005/ ኣብ ዘካየዶ ጉባኤ ብምሉእ ድምጺ መዚዙኩም ከምዘሎ አፍልጥ።

እግዚእብሔር ሃገርና ይሓሉ

ብጹእ ውቅዱስ ቀዳማዊ እንጦንዮስ
ፓትርያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሃገረ ኤርትራ

ቅዳሕ

ንኹለን ኣብያተ ክርስትያናት ሃገረ ስብከት ኣመሪካን ካናዳን
ቀንዲ ቅዳሕ ንምርኣይ ኣብዚ ጠውቕ

ፌርማ ናይ ቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስን
ክታም ናይ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክን ኣለዎ

ስሩዕ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ነዞም ኣስማቶም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣቦታት ኣብ ዘገልግልዎ ሃገረ ስብከት ድሕሪ ምሕባሮም፣ ድሕሪ ውሳኔ ቅዱስ ሲኖዶስ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ መስርሕ ምሕባር ከይተወድአ፣ ካህን ነበር ገብረሚካኤል ዮሃንስ ነዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ዕንወትን ምፍልላያትን ንምብጻሕ ብሰነ 08/ 2005 ዓ.ም. ንክብሪ'ቶም ቅዱሳን ኣቦታት ዘይግባእ ምጉብዕባዕ ዝተሓወሶ፣ ብፍቓዱ ሓላፍነት ሊቀ ካህናቱ ከልዕሉ ከምዚ ክብል መልቀቒ ሓላፍነት ስራሕ/RESIGNETION/ ሓተተ። ኩሉ እቲ ንሱ ዘቕረቦ ጽሑፍ ኣብዚ ጽሒፈ ከቕርቦ ቦታን ጊዜን ስለዘይኣኽሎ ካብኣተን ሓንቲ ዘይሓላፍነታዊት ሓረግ ከምዘላታ አቕርበልኩም።

*" ክሳብ ዕለት ሎሚ ዝተኻየደ ስራሕ ምትሕብባርኩምን ብጽእና ጸሎትኩምን ስለዘይተፈልየኒ እናኣመስገንኩ፣ ንዝመጽእውን ኣብ ኩሉ መነባብሮይ ይኹን ስርሐይ፣ ኣብ ጸሎትኩም ከይትፍለዩኒ ብመንፈሳዊ ኣኽብሮት እምሕጸን። ብተወሳኺ እዚ ጽሑፍ እዚ ብዝኾነ መንገዲ ኣብ ዝኾነ መርበብ ሓበሬታታት፣ ከይወጽእን ከይዝርጋሕን፣ ዕንወትን ምፍልላያትን ከየአቱን ንፖለቲካዊ ሃልኪ ከይውዕልን ብጥንቃቐ ክተሓዝ እናተላበኹ፣ ዝኾነ ሰመይ ጠቒሱ ንዝወጽእ ጽሑፋት ዓጸፋ ክምልስ መሰለይ ሕሉው ምዃኑ ኣቓዲመ የዘኻኽር"* ቀንዲ ቅዳሕ ንምርኣይ ኣብዚ ጠውቕ ገጽ 01 ገጽ 02

ካህን ነበር ገብረሚካኤል ዮሃንስ፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጻሒፉ ዘሎ ትሕዝቶ ጽሑፉ ብምትሕሓዝ ሓላፍነት ስራሕ ሊቀ ካህናት ከልዕሉሉ፣ ናብ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ብፋክስ ሊኢኹ ድሕሪ ምሕታቱ፣ ብሰነ 08/2005 ዓ.ም. ንዝሓተቶ ሕቶ ብምምላስ ከምዚ ዝብል መልሲ ብቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ብዋና ኣማሓዳሪ ተጻሕፈሉ። ትሕዝቶ እቲ ጽሑፍ ቃል ብቓሉ ከምዚ ይብል ነበረ።

ናብ

ቀሺ ገብረሚካኤል ዮሃንስ<br>
ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ<br>
ኣትላንታ

08/ሰነ/2005<br>
ዕለት01/10/1997<br>
ቁጽሪ መ. 297/05

መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕዳም፣
ብኣገዳሲ ስራሕ ትድለዩ ስለዘለኹም ክሳብ መወዳእታ ሰነ 2005 ዓ.ም. ዘሎ ጊዜ ኣብ ኣስመራ ክትርከቡ ትእዛዝ ቅዱስ ሲኖዶስ ምዃኑ ነፍልጥ።

እግዚኣብሔር ሃገርና ይባርኽ<br>
ዮፍታሄ ዲሜጥሮስ<br>
ዋና ኣማሓዳሪ<br>
ከታም ኣለዎ

ካህን ነበር ገብረሚካኤል ዮሃንስ ነቲ ብዕለት 08/ ሰነ/ 2005 ዓ.ም. ኣብ ዘይተደልየ ዕንወትን ምፍልላያትን ከየእቱ ኢሉ ፈኺራ ዝተሓወሶ መልእኽቱ ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት እተእትዎ፣ ኣብ ታሪኽ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ኤርትራ ተራእዩ ዘይፈልጥ ኣዕናዊ ግብረ ስራሕ፣ ፈጺሙ፣ ብዕለት 10/ ሰነ/ 2005 ዓ.ም. ካብ መምርሕን ትእዛዛትን ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ተነጺሉ ወደቐ። ኣብ መንጉኡን ኣብ መንጎ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ዝኸይድ ዝነበረ እንካን ሃባን ዝርርባት ብዘይካ እቶም ኣዝዮም ዝቐርብዎ"ሞ ፣ ነዚ ቀይደ በተኻዊ ስጉምቲ ንኽወስድ ኣጆኻ ዝብልዎ ውልቀ ሰባት እንተዘይኮይኖም ዝፈልጥ ኣባል ምእመን ቤተክርስትያን ኣይነበረን።

መደብ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ቅዱስ ኣቦና ፓትርያርክ እንጦንዮስ ዝመርሕዎም ኣባላት ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ሒዞም፣ ናብ ዋሺንግቶን ዲሲ ማለት ናብ ሑቡራት መንግስታት ኣመሪካ መጺኦም፣ ናብቲ ኣብ መጀመርታ ሰሙን ነሓሰ 2005 ዓ.ም. ንኽግበር ተመዲቡ ዝነበረ ዓመታዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ንኽሳተፉ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ምምጻእ ናይ ቅዱስ ኣቦና ብላዕለዋይ ኣካል ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣብ እዋኑ ተሰሪዙ።

ቀይደ በተኻዊ ድራማታት ካህን ነበር ገብረሚካኤል ዮሃንስ እተራጉድ ሓዱሽ ምዕራፍ ድሕሪ ምርካቡ፣ ቅዱስ ኣቦና 3ይ ፓትርያርክ ናብቲ ኣብ መጀመርታ ሰሙን ነሓሰ 2005 ዓ.ም. ዝተገብረ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ፣ ንእሱ ሃገረ ስብከት ንኽሳተፉ መደብን ድሌትን ደቂቀ እንጦንዮስ ስለዝነበረ፣ እንተኾነ ግን ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ኣቦና ፓትርያርክ እንጦንዮስ ምስታፍ ኣብቲ ዝተገብረ መንፈሳዊ ጉባኤ ስለ ዝተሰረዘ ንጕጅለ ደቂቀ እንጦንዮስ ኣየሐጎሶምን። ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ምምጻእ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ናብ ዋሺንግቶን ዲስ ሰሪዞም፣ ነቲ ብሰነ 07/2005 ዓ.ም. ዝተወሰነ ውሳኔ ምቃም ሃገረ ስብከት ሑቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን ንምትግባርን፣ ናብቲ ጉባኤ ንምስታፍን, መልእኽቲ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ናብ ማሕበረ ምእመናን ንምትሕልላፍን, ንጳጳስ ሺንዳ ናብ ናይ ሃገረ ስብከቶም መንበር ንምትሓዝን ተባሂሉ፣ ብጹእ ጳጳስ ሉቃስ ተላእኩ። ምምጻእ ናይ ኣቡነ ሉቃስን፣ ምትራፍ ናይ ኣቦና ፓትርይርክ እንጦንዮስን፣ ንካህን ነበር ገብረሚካኤልን ጕጅልኡን ዓቢ ብድሆ ኢዩ ነይሩ። ንካህን ነበር ገብረሚካኤልን ጕጅለ ደቂቀ እንጦንዮስን ብተስፋ ዝጽበይዎ ዝነበሩ ምስታፍ ቅዱስ ፓትርይርክ እንጦንዮስ፣ ናብቲ ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ ዝተገብረ ጉባኤ ኣገዳሲ ኢዩ ነይሩ። ደቂቀ እንጦንዮስ ነዚ ህጁ ዘተግብርዎ ዘለዉ ስርዓት እምነት፣ ከዐውትዎ እንተድኣኮይኖም ብዘይስክፍታ ክሰርሑሉ ዝኽእሉ መንገዲ ከጣጥሑ ኣለዎም። ምስ ቅዱስ ኣቦና ፓትርያርክ እንጦንዮስ ጡቡቕ ዝምድና ክገብሩ"ሞ፣ ነቲ ኣብ ሃገርና ከለዉ ከተግብርዎ ዘይካኣሉን፣ ብቕዱስ ጻዕርን ቃልስን ኣቦታትን ኣዴታትን ዝፈሸሎም፣ ብቐሊል ከተግብርዎ ኢዩ ነይሩ ዕላምኦም። ከምዚ ክብል ከለኹ ግን ቅዱስ ኣቦና ፓትርያርክ እንጦንዮስ ተሓድሶኣዊ እምነት ነይርዎም ማለተይ ኣይኮንኩን። እንተ ንዕላማ ጕጅለ ተሓድሶ ብዘይምስትባሃሎም፣ ወይውን ብግርህና፣ ምስ ተሓድሶኣዊ ጕጅለ ይደናገጹ ከምዝነበሩ፣ ዝሕብር ብጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ ኣብ ልዕሊኦም ካብዝቐረበሎም ክሲ ምርኩስ ብምግባር ኢየ። ኣብ ድሒረ ንዝዝርዝሮ፣ ካብ ናይ ፓትርያርክ መዓርጎም ዘውረዶም ምኽንያት ዝኾነ ክሲ ቁጽሪ ሓሙሽተ ርአ።

እግዚኣብሔር፣ ሃገርናን ህዝብናን ክሕሉ፣<br>
ቤተክርስትያንናን ቅዱሳን ኣቦታትናን ክባርኽ ንለምን፣<br>
ኣሜን

ዘካርያስ ሰመረ ወልዱ<br>
ዝተረፈ ይቕጽል